# *<u>ዘበናት ዘቕጸረ ጽልኢ ኣሜርካ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ፥</u>*

*ጸማም ሓደ ደርፉ ከምዝብሃል ናይ ኣሜርካ ነገር ካብዚ ኣበሃህላ ዘይፍለ ማንታ እዩ። ንዘመናት ኤርትራ ንከይትህሉ፥ ህዝባ ከበታተን፥ ሃብታን ባሕራን ንምቁጽጻር ብባህርያቶምን መልከዓቶምን ዝተፋላለዩ እገዳታት(ማዕቀባት) ኣብ ልዕለና ካብ ምብያን ዘዕረፈትሉ እዋን ኣይነበረን። ምናልባት ንብዙሓት ግሩሃትን ታሪኽ ኣሜርካን ጽንዓትን ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ንዘይፈልጡ፥ ኤርትራ በብእዋኑ ክትእገድ ከላ ሓድሽ ነገር ኮይኑ ይስምዖም ይኸውን። ነቲ ጉኑፍን ገባትን ሰይጣናዊ ስልትታት ኣሜርካ ዝፈልጥ ህዝቢ ኤርትራ ግን ጸማም ሓደ ደርፉ ኢሉ ጥራሕዩ ዝገልጾ። ኣሜርካ እንተ ብፈኸራ እንተ ብእገዳ ንህዝብን መንግስትን ኤርትራ ከተምበርክኽ ዘይጠጀኣቶን ዘይጻሞቐቶን፥* ***ጌሶን ጸዶን ኮይናም ከማቑሩላ ሃሱሳት ደቂ ሃገርን ተወልጀን*** *እና መወለት ኣብ ታሪኻ ጸሊም ሰኑዳት ኣስፊራን ተሰፍር ኣላን። ይኹን እምበር ምስቲ ውሑድ ቁጽርናን፥ ትሑት ትሕዝቶናን፥ ጸጊዕ ዘይብልና ኣብ ዝነበርናሉ እዋን ብሳላ ሓድነትን ፍቕሪን ጽንዓትን ህዝብና ሃና ደረፈት ተረፈት (ማይ ዓሙኻ) ተረፉ። እቲ ከፍኣት ግን ክትቅጽሎ ኢያ።*

*ሎሚኸ ስለምንታይ በይናዊ እገዳ ኣብ ልዕሊ ትካላትናን መሪሕነትናን (ሃገርና) ክትወስድ ተገዲዳ? ስለምንታይ ከም ልማዳ ካልኦት ሃገራት ዘይሓወሰት? ዝብሉ ሕቶታት መልሶም ንኹልና ንጹር ክኸውን ይግባእ። ህዝቢ ኤርትራ ቀደም ይኹን ሕጂ ከይተሓለለ ንልእላውነቱ ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ከየእተወ ስለ ዝተቓለሰ፥ ፖሎቲካዊ መስመር መንግስቲ ኤርትራ (ህዝባዊ ግንባር) ራኢኡ ነብስኻ ምኻል ስለ ዝብል እዩ። ኣብዚ ብግሁድ ስዕረት ኣሜርካ ንዕዘብ። እቲ ፍሹል በይናዊ እገዳ ከውስዳ ዝኸኣለ* ***ከም ቀደም ይመስለከን ውሕጅ ይወስደከን፥*** *ደገፍቲ እናሰኣነት (እናተሳዕረት) ትኸይድ ከምዘላ እዩ ዘርእየና። ብኣንጻሩ ኤርትራ ደገፍታ እናበዝሑ ይኸዱ ምህላዎም እዩ ዝሕብረና። ኣሜርካ ነዚ ሕጂ ኣባና ወሲዳቶ ዘላ እገዳ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ከም እማመ ኣቕሪባቶ ኢያ። እንተኾነ ግን ብተደጋጋሚ ስለ ዝተነጽገት፥ ዳዊት ንጎልያድ ስዒሩዎ ክንብል ንኽእል።*

*ኣሜርካ ነዚ ኣብ ልዕለና ወሲዳቶ ዘላ እገዳ ከምዘይትዕወተሉ ትፈልጥ ኢያ። ታሪኽና ከደፍኑዎ ስለ ዝደለዩ እምበር ንዓሰርተ (10) ዓመታት ተኣጊድና ኣብ ዝነበርናሉ ግዜ መንግስቲ ኤርትራ ካብ ድለታቱ ብሰንኪ እገዳ ደው ኣይበለን፡፡ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ውሽጥን ደገን ዘሎ ንዓሰርተ ዓመት እዝኖም ክሳብ ዝጸሙ፥ ኣዒንቶም ክሳብ ዝጭምጭሙ ኣጨኒቑ ኣላሽ ስለ ዘበሎም፥ በቲ ካልእ ራኢ መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ዞባና ኣዎንታውን ግብራውን ተቐባልነ ረኺቡ ስለ ዝሰረጸ ምኽንያት ዘይነበሮ እገዳ ፈሪሱ። እዚ ሕጂ ኣሜሪካ ኣባና ወሲዳቶ ዘላ እገዳ ሎቕማጽ መልሓስ ዘለዎ እዩ። ሙሽሙሽ እስትራተጂ ህዝብን መንግስትን ንክትፈላሊ ትገብሮ ዘላ ኢያ። ኣጊድካስ ንህዝቢ ኤርትራ ንፈትዎ ኢና ክንሕግዞ ምባል መንኮር (ዘገርም)። ኤርትራ ዓሻ ህዝቢ የብላን። በቶም ዝዓሰብኪም ወሸልኽ ኣይትፍረዲ። ህዝቢ ኤርትራ ኣብቲ ዝተረረ መድረኽ ከምዝሕይል ከፈልጥዎ ምተገብኤ። ኣሜርካ ነዞም ዓሲባቶም ዘላ ኣኽላባት ከም* ***K9*** *ኮይኖም ከገልግሉዋ ትሓስብ እንተኾይና፥ ካብቲ ዓቢ ሕፍረትን ስዕረትን ኣብ ኣፍጋኒስታን ዘጋጠማ ሓንቲ ኣይተማህረትን።*

*ኣሜርካ እቲ ንዕኦም ዘጋጠመ ናዕቢ ህዝቢ ጠኒኑ ዋይትሃውስ ዝተቛጻጸረሉ ተርእዮ ኣብ ኤርትራ ክርኤ ዘካይድዎ ዘለዉ ቃልሲ ርዱእ ኮይኑ ቀሊል ኣይኮነን። እቲ ቀሊል ዝገብሮ ነገር እንተሎ ግን፥ ከምቲ ኣቐዲሙ ዝጠቐስኩዎ ኮይኑ፥ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ እሳተ ጎመራ ተጠቢሱ፥ ኣብ ምድረበዳ ሓንቢሱ፥ ምስ ሕሰምን መከራን ተቓሊሱ፥ ብተመን ዕንቂሪቢት ገበል ተነኺሱ፥ ደሙ ኣፍሲሱ ዓጽሙ ከስኪሱ፥ ምሩጻት ደቁ ከፊሉ ዘምጽኣ ሃገር ስለ ዘላቶ፥ “” ኩሉ ነገር ድሕሪ ሰላምን ውሕስነት ሃገርን”” ኣብ ዝብል ስነ ሓሳብ ዝኣምን ስለ ዝኾነ፥ ሕጂውን ስለ ሃገር ኩሉ ነገር ካብ ምግባር (ምኽፋል) ድሕር ዝብል ህዝቢ ኣይኮነን።*

*ናይ ኣሜርካ ሰበስልጣናት ይኹን ልኡኻቶም ኣብዚ ሕጂ እዋን ናብ ኢትዮጵያን ሱዳንን ብዘይ ዕረፍቲ ዘብዘብ ዘብሎም ዘሎ ምኽንያት'ከ ስለምንታይ? ናይ ናይጀሪይ ፕረሲደንት ነበር መልእኽቲ ኣሜሪካ ተኾልኩሉ*

*ኣዲስ ኣበባን መቐለን ዘመላልሶ ዘሎ ምኽንያት'ከ ኣየደንጹንዶ? ኣብዚ ህዝቢ ኣፍሪቃ ብኽፍኣት ኣሜርካ ደም ጢዒሙዎ ዘሎ ግዜ፡ ሃገር ዝመርሕ ዝነበረ ናይ ኣሜርካ ልኡኽ ኮይኑ ነታ ኣብዓለም ተራእዩ ዘይፈልጥ ገበን ኣብ ልዕሊ ሰራዊት ሃገር ኢትዮጵያ ቅትለት ዝፈጸመት ጁንታ ኣታዓራቒ ኮይኑ ላዕልን ታሕትን ዝብል ዘሎ ዓገብ ዝብሎዶ ሲኢኑ? መንግስቲ ኢትዮጵያ ናቱ ኣረኣእያ ኣለዎ እምበር እዚ ሰብ'ዚ ኣብ ኢትዮጵያ ክኣቱ ኣይምተገብኤን። ጸወታ ፖሎቲካ ጠላዕ ስለ ዝኾነ ንገድፎ። እንተዘይኮይኑ ነቶም ቀተልቲ ጁንታ ከድሕን ተላኣኣኺይ ክኸውን ኣይምተገብኤን።*

***ገለ ካብቲ ዘመላልሳ እኪይ ውዲት (ዓላማ) ኣሜርካ፡***

*1) ንኢትዮጵያ ፋሕ ብትን ኣቢልካ ኣብ ሕድሕድ ኲናት ኣእቲኻ ኣተዓራቒ መሲልካ ረብሓኻ ንምርግጋጽ፡፡*

*2) ንጁንታ ከም ፖሎቲካዊ መስርዕ ኣሚንካ ኣብ ዝነበራ ስልጣን መሊስካ ሞጉዚትካ ምግባራ።*

*3) ኣብ ሞንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ተመስሪቱ ዘሎ ምሕዝነት ምብታን፡፡*

*4) ንኤርትራ ካብ ጎረባብታ ነጺልካ ሃገራት ዞባና ተሳንየን ነብሰን ከይክእላን ከይተሓጋገዛን ምግባር።*

*5) ነቲ ኣብ ኢሰያን ማእከላይ ምብራቕን ትግሕጦ ዝነበረ ሃብቲ ስለ ዝኸሰረት፡ ንወያነ ትግራይ ከም ሃገር ክፍለጠላሞ ኣብኡ ኮፍ ኢላ ኣፍሪቃን ማእከላይ ምብራቕን ክትቆጻጸር።*

*6) ኣብ ኤርትራ መንግስቲ ምቕያር ( Regime Change) ዝብል ውዲት ብቐረባ ክትሰርሕሉ ምሕሳብ።*

*7) ኣብ ሞንጎ ኤርትራን ሱዳንን ክህሉ ዝግብኦ ሰናይ ጉርብትና ምድሃኽ።*

***ዝቡቕ ሸነኹ፡***

*1) ህዝቢ ዞባና ንተንኮላትን ምዝመዛ ኣሜሪካን ብፍጥነት ይነቕሓሉ ምህላዉ፡፡*

*2) ህዝቢ ኢትዮጵያ ሰላሙን ሓድነቱ ንምርግጋጽ ብሙሉእ ዓቕሙ ጸረ መርገጽ ኣሜርካ ምትስኡን፡ ጁንታ ንምጥፋእ መኸቲኡ ምሕያሉ።*

*3)ኣብ ሱዳን ህዝባዊ ናዕቢ ንሰላም ምስ ጎረባብቲ ሃገራት ብፍላይ ምስ ኤርትራ ምዕዛዙ፡*

*4) ህዝቢ ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ መንግስትን ህዝብን ኤርትራ ዘለዎ ኣዎንታዊ ኣረኣእያ ምዕባዩን፡ ሓቢሩ ክሰርሕ ድልውነቱ ምርግጋጹ።*

*5) ኤርትራ ኢትዮጵያ ሶማል ደቡብ ሱዳን ሓቢርካ ናይ ምስራሕ ዘለወን ተስፋ እናዓበየ ምኻዱ።*

*6) ተንኮለኛ ውዲት ኣሜርካን ዓንዳሪ ስጉምቲ ጁንታን ንምሕዝነት ህዝቢ ኤርትራን ኢትዮጵያን ከደልድሎን ከተኣማምኖን ምኽኣሉ።*

*7) ብወገን ዲፕሎማሲያዊ መዳያት ኣብ ደገ ዝነብሩ ኤርትራውያንን ኢትዮጵያውያንን ዉሁድ ስራሓት ምክያድ።*

*መንግስቲ ኣሜርካ ሓይሎምን ሃብቶምን ከም ቀደም ዝነበሩዎ ዘለዉ ኮይኑ'ዩ ዝስምዖም ዘሎ። እዚ ግን ተቐይሩ'ዩ። ብትሪልዮናት ዕዳ ከም ዘለዎም ኣየድህቡሉን እዮም። ዎዮ ድኣ ዘይጀሃራ ኮይነን እምበር ሎሚ ብርክት ዝበላ ሃገራት ዳርጋ ብኹሉ ሓሊፈንኦም ኣለዋ። ንኣብነት ቻይና ኣብ ኤኮኖምን ሚሊታርን፡ ሂንዲ ድሕሪ ኣዝዩ ውሑድ ዓመታት ክትሓልፎም ቀሪባ ኣላ፡ ሩስያውን ኮምኡ። ቻይና ንኩባንያታት ኣሜሪካ ምቹእ ናይ ንግዲ ውሕስነት እናሃበት ናብኣ ከምዝግዕዛ ገራተን፡ ትገብረን ኣላ። ህንዲውን ኮምኡ። ኢኮኖሚ ቻይና ከም ጉላ እናበረኸ ክሓድር ከሎ፡ ናይ ኣሜርካ ከም በረድ እናመኸኸ ይኸይድ ኣሎ። እዚ ዝገብሮ ምኽንያት ከኣ ኣሜርካ ሃገራት ንምዕናው ዘይተኣደነ ባጀት ከተፍስስ ከላ፡ ባዓል ቻይና ከኣ ኣብ ምሉእ ሃገራት ዓለም ኢንዱስትሪታት ይተኽላ። ወተሃደራዊ ዕጥቀን እናኣደልደላ። ኣሜርካ ንኢትዮጵያ ብዓባያ ናይ ዘመናት ምሕዝነት እናኸሰረት፡ ንጁንታ ኣብ ስልጣና ንምምላስ ቢልዮናት ተጥፍእ ኣላ። ኮምኡውን ነታ ኣበሳ ዘይብላን መወዳድርታ ዘይኮነት ድኻ ሃገር ኤርትራ ክተእግድን ክትኩንን ሚልዮናት ተፍስስ ኣላ። ንዓና ትእግድስ እንታይ ከይንጫረታ እያ? ራኢና ጸረ ጎበጣን ባርነትን ስለ ዝኾነ ጥራሕ ምኧኑ ምፍላጥ እኹል'ዩ።*

***ኣሜርካ ኣብ ልዕለና ዘሕለፈቶ እገዳ ብኸመይ ንጸፍዖ (ንምክቶ)?***

*መሪቑ ይሃብካ ዝበሃል ምሳሌ ኣሎ። ሜረትና ንእሽቶይ ዝተባረኸ ምሉእ ጸጋ ዘለዋ፡ ህዝብና ውሑድ ፍቕርን ሲኒትን ዝዓሰሎ ተኸባቢሩን ተደጋጊፉን ዝነብር። ኣብ ውልቃዊ ረብሓ ዘይኣምን። ብሃይማኖት ይኹን ዓሌት ዘይፈላለ። ምእንቲ ሃገሩ ብሓንሳእ ዝውፈ። መውስቦ ብፍቕሪ ድኣንበር ብዓለት ይኹን ሃይማኖት ዘይዋሰብ ህዝቢ ምዃኑ ዝዓበ ጸጋ'ዩ። እዚ ኣብ ብዙሕ ሕብረተ-ሰብ ዘይርከብ ጸጋ ስለ እንውንን ኢና ንኹሎም ዘጋጠሙና ብድሆታት ሓይሎምን ዓቕኖምን ብዘየገድስ ሲዒርና ተውለ ኢልና ንሕበን። እንኳንዶ ሕጂ ዓለም ሓቅና ፈሊጣ፡ ኣብቲ ጽንኩር መድረኻት በይንና ዝነበርናሉ ተኣጊድና ኣይጠመናን፡ ረዲኤት ኣይሓተትናን፡ ብርክና ኣይዓጸፍናን፡ ተኾርሚና ኮፍ ኣይበልናን፡ ሕጂ ግዳ እንታይ ይጽግመና ሳላ ሲኒትናት ፍቕሪ ህዝብናን ሃገርናን ቅኑዕ መሪሕነትናት ጀጋኑ ምክልኻል ሓይልታትናን እዚ እገዳ'ዚ ስምብራት ኣልቦ ክንገብሮ እና። ኣገድቲ መልሓሶም ኣንኪስና፡ ድልየቶም ኣብኒንና፡ ሕፍረትን ጣዕሳን ኣሰኪምና፡ ዳግም ታሪኽ ክንሰርሕ ኢና።*

***እዚ ንምግባር ብዙሕ ስራሕ ወይ ምሕሳብ ኣየድልየናን እዩ።***

*1) ነፍሲ ወከፍ ኤርትራዊ ኣብ ኤርትራ በቲ  ናይ ዝነብረሉ ሃገር ባጤራ ኣብ ባንክ ኤርትራ ናይ ውህለላ (Saving) ሕሳብ ብምኽፋት።*
*2)ብዕቁብ ይኹና ብማሕበር ወይ ብስራሕ ተጠርኒፈን ዝጸንሓ ገንዘበን ኣብ ባንክ ኤርትራ ናይ ውህለላ ሕሳብ ብምኽፋት።*
*3)ብትካላት ዝተጠርነፋ ኣካላት ኣብ ኤርትራ ናይ ውህለላ ሕሳብ በቲ ናይ ዘለውኦ ሃገር ባጤራ ምኽፋት።*
*4)ንቤተሰብና ዝለኣኽ ገንዘብ ከበራታዕን ክድገፍን ዘለዎ ኮይኑ ብሕጋዊ መንገዲ ኣብ ባንክ ኤርትራ ክሸረፍ ምግባር። ኣብ ደገ ኮይናም ዝምንዝው ምቅላዕ።*
*5)ነፍሲ ወከፍ ኤርትራዊ ንማዕከን ሰማእታት ድለባ ብዓቕሙ ክልእኽ።*
*6) ነፍሲወከፍ ስድራ ሰማእታት ምጥዋር ብናይ ዝነብረሉ ሃገር ባጤራ ብሕጋዊ መንገዲ ምልኣኽ። ወዘተ።*
*7)ንዓዲ እንገይሽ ገንዘብና ኣብ ባንክ ኤርትራ ምሽራፍ።*
*8)ክልተ ካብ ሚእቲ መሕወዪ ግብሪ ጉቡእ ምምላእ።*

*ብኹሉ ተኣጊድና ከሎና ሳላ ሓፋሽ ህዝብናን ጀጋኑ ተጋደልትናን ወጺእናዮ።  ኣብ ደገ ዘሎ ህዝብና ሕጂውን ናይ ምግባር ዓቕሙ ካብ ናይ ቀደም ዘይፍለ ዝለዓለ ስለ ዝኾነ በብዓቕምና እጃምና ንግበር፡ ነማልእ ጉቡእና። ብሓድነትና ንዓላቑ እገዳ ኣሜርካ ሃደሽደሽ ኣቢልና ክንስዕሮ ኢና።*

*ሰማእታትና ክዝከሩ ይንበሩ*
*ዓወት ንሓፋሽ*
*ገብረንጉስ መሰመር*